ማእከልነት ክርስቶስ ዝወስድ ኵሉ ዓይነት ምህሮታት ርጉም ይኹን! (ኣናተማ!)

<============================================================➔

# *(2ይ ክፋል)*

እዛ ጽሕፍቲ እዚኣ፡ ብፍላይ ንኽፉእነት እዚ፡ “ሰብ መንፈስ እዩ” ዝብል ዶክትሪን እትቀልዕ እያ። ዝሰምዕ እዚ ንዘለዎ ኵሉ ድማ፡ ደወላዊ መልእኽቲ እያ።

(እዚ ጽሑፍ ካብ ቀዳማይ ክፋል ዝቐጸለ እዩ። ስለዚ ከኣ: ቅድም ነቲ ቀድማይ ክፋል፥ ኣብዚ ዝስዕብ ልንክ ኬድኩም ኣንብቡዎ!
(https://theonlyonevision.com/.../%E1%88%9B%E1%8A%A5%E1%8A. )

ካልእ እዚ “ሰብ መንፈስ እዩ” ዝብል ምህሮ ኣብ ኣመንቲ ዝገብሮ ዝኸፍአ ነገር፡ እቶም ደቂ ጎይታ፡ ናይ ኣምላኽ ዘለኣለማዊ መትሓዚ (Eternal Container)፡ ናይ ኣምላኽ ዘለኣለማዊ ኣቕሓ (Eternal Vessel)፡ ናይ ኣምላኽ ዘለኣለማዊ ማሕደር (Eternal Tabernacle) ናይ ኣምላኽ ዘለኣለማዊ መቕደስ (Eternal Temple)፡ ናይ ኣምላኽ ዘለኣለማዊ መንበርን፡ (Eternal Dwelling place)፡ ናይ ኣምላኽ ዘለኣለማዊ መግለጽን (Eternal Expression) ዝኾኑ፡ ንሓድሕዶም እናተኣሳሰሩ፡ ብቀጻሊ ከም ሓደ ሰብ ሓቢሮም ብምህናጾም ከም ዝኾነ፤ ነዚ ዚዓበየን ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ማእከል ዝኾነ ሓቂ ኣምላኽ እዚ፡ ከም ዘይሪኡዎን ፍጹም ዕዉራት ከም ዝኾኑን ይገብሮም። ምኽንያቱ እዚ “ሰብ መንፈስ እዩ” ዝብል ምህሮ፡ በቢውልቅኻ ወይ ድማ ብርእሰ ሓደራዊ መገዲ (independently) ከም ዝደሓንካ፡ ከም እተፈጽምካ፡ ንዅሉ ከም ዝበጻሕካ፡ ሕጂ ኪትገዝን ኪትመልኽን ጥራይ ከም ዘለካ ዝብል ህውቱንን መርዛምን ምርዳእ ኪህልወካ እዩ ዝገብር። “ንስኻ መንፈስ ኢኻ! ንስኻ ዲሒንካ ኢኻ! ምድሓንካ ፍጹም እዩ! ተፈጺምካ ኢኻ! ንስኻ ንጉስ ኢኻ! ንስኻ መላኺ ኢኻ! ወዘተ” ንስኻ ከምዚ ኢካ! ንስኻ እዚ ኢኻ! ንስኻ! ንስኻ! በቃ! ብንስኻ ጀሚሩ ብንስኻ እዩ ጸሓይ ዚዓርቦ!

ናይ ኣምላኽ ዘለኣለማዊ ሓሳብ እንታይ እዩ፧ ናይ ኣምላኽ ዘለኣለማዊ ድሌት እንታይ እዩ፧ እቲ ካብ ምድሓነይ ዝሓለፈ ናይ ኣምላኽ ፍጹም ፍቓድ እንታይ እዩ፧ ኢልካ ከም ዘይትሓስብ እዩ ዝገብረካ! ምስቲ ናይ ኣምላኽ ዘለኣለማዊ ምኽሪ ኣነጻጺርካ፡ ምድሓንንና እቲ ናይ መጀመርታ ነገር ጥራይ እዩ። እስከ ገለ ኣዝዮም ቀለልቲ፡ ግናኸ ንመንፈሳዊ ኣዒንትና ፈጺሞም ዝኸፍቱ ሕቶታት ንሕተት። እዞም ሕቶታት እዚኣቶም፡ ብፍላይ ነቲ ካብ ዘጻኣት ምዕራፍ 12 ክሳዕ ምዕራፍ 18 ንዘሎ ክፍሊ ጥራይ ዝድህስሱ እዮም። እቶም ሕቶታት ከምዚ ይብሉ፥

- 1ይ) ደቂ እስራኤል፡ ብብርትዕቲ ቅልጽም ኣምላኽ ተመንዚዖ ካብ ግብጺ ኪወጹ ከለዉ፣ ውልቀ ሰባት ድዮም፡ በቢ ውልቂ ዲሒኖም ወይስ ብሚልዮናት ዝቁጸር ህዝቢ እዩ ብሓንቲ መዓልቲ ድሒኑ፡ ንግብጺ ራሕሪሑ ወጺኡ፧ ህዝቢ እዩ ብሓባርን ብዝርግሕቲ ቅልጽም ኣምላኽን ድሒኑ። ኣምላኽ ሓደ ምሉእ ህዝቢ እዩ ናቱ ቅዱስ ህዝቢ ንኪኸውን ኣጥሪዩ (ዘጻኣት 19፡1-6) ።

- 2ይ) ባሕሪ ኤርትራ ሰጊሮም ናብቲ በረኻ ሲና ድሕሪ ምብጻሖም (ከባቢ ሰለስተ ወርሒ እዩ ወሲዱሎም)፣ ካብ ሓይሊ ፈርኦንን ካብ ባርነት ግጻውያንን ብዛዕባ ዝምልከት፣ ደቂ እስራኤል ድሒኖምዶ ኣይደሓኑን፧ ብርግጽ ካብ ኢድ ፎርኦን ድሒኖም እዮም፣ ግብጽን ፎርኦንን ብዝምልከት ምድሓኖም ተፈጺሙ እዩ። ግናኸ ካብቲ ናይ በረኻ ኮለል ፈጺሞም ዲሒኖምን ተፈጺሞምን ድዮም፧ ያእ ፈጺሞም ኣይፋሎም!

- 3ይ) ካልእ ኣዝዩ ኣገዳሲ ነገር፥ እቲ ፍሉይን ዝዓመቅን ድሌት ኣምላኽ ብዝምልከት፣ ኣምላኽሲ ብፍጹም ፍቓደኛ ልቢ ኩሉ እቲ ህዝቢ፡ ብፍጹም ሓድነትን ሕብረትን ናይቶም ኩሎም ካብ ግብጺ ዝወጹ ደቂ እስራኤል እተሃንጸ ፍሉይ ማሕደር ረኺቡ ድዩ ኣብ ማእከሎም፧ ያእ ፈጺሙ ኣይፈሉ! እቲ ማሕደር ኣምላኽ ድሕሪ ዘጻኣት ምዕራፍ 25 እዩ ኪህነጽ ጀሚሩ።

- 4ይ) እቲ እተሃንጸ ማሕደር፡ ሎሚ ንዓና ንናይ ሓድሽ ኪዳን ኣመንቲ እንታይ ዓብዪ መንፈሳዊ ብርሃን ይህበና፧ እወ፡ እቲ ማሕደር፡ ካብ ሓንቲ ነገር ጥራይ ብንጽል እተሃንጸ ነገር ፈጺሙ ኣይኮነን። እዚ ማለት፥ እቲ ማሕደር ካብ ኩሎም ደቂ እስራኤል ብፍታው ልቢ ብእተዋጽኡ ብዙሓት ነገራት፡ ሓቢሮምን ተኣሳሲሮምን ብምንህናጾም እዩ ቆይሙ።

- 5ይ) እቲ ማሕደር፡ ደቂ እስራኤል ወይ ድማ፡ እቶም መራሕቲ ደቂ እስራኤል በዓል ሙሴ፡ ከም ዝደለይዎ ዘይኮነ ድዩ ተሃኒጹ፡ ወይስ ከም ፍጹም ፍቓድ ኣምላኽ ጥራይ፧ ከም ፍጹም ምግላጽ እቲ ፍቓድ ኣምላኽ (ዘጻኣት 25፡8-9 & 40) እዩ ተሃኒጹ።

- 6ይ) ኣምላኽ ነቲ ማሕደር ብፍጹም ምልኣቱዶ መሊእዎ፧ ስለ ምንታይ፧ እቲ ማሕደር ልክዕ ከምቲ እቲ ሰማያዊ ምግላጽ እቲ ፍጹም ፍቓድ ኣምላኽ ኮይኑ ተሃኒጹ ድሕሪ ምዝዛሙ ጥራይ እዩ፡ ኣምላኽ ነቲ ማሕደር መሊእዎ። "ከምቲ ኣብቲ ኸረን እተራእየካ ምስልታቱ ኽትገብሮ ኽኣ ጠምቶ" (ዘጸ 25፡40) ።

እዞም መሰረታዊ ሓቅታት እዚኣቶም፡ ንዓና ንናይ ሓድሽ ኪዳን ኣመንቲ ሱር ነቀላዊ ሰማያዊ ምግላጽ እዮም።

- 1ይ) ንሕና፡ ከም ናይ ሓድሽ ኪዳን ኣመንቲ፡ ዋላኳ በቢ ውልቅናን ኣብ እተፈላለየ እዋንን ናብ ጎይታ ዝመጻእና እንተመሰለና፣ ግናኸ ጎይታ ንምድሓንና ኣብ ሓደ እዋን እዩ ኣብ መስቀል ቀራንዮ ፈጺምዎ። ካልእ ኣገዳሲ ነገር፡ ዋላኳ ጎይታ በብ ውልቅና ከም ዘፍቀረና ምፍላጥና ጽቡቕ እንተኾነ፡ ግናኸ እቲ ዝዓበየ ብርሃን፡ ጎይታና የሱስ ክርስቶስ፡ ነታ ኤክክለሲያኡ እዩ ኣብቲ መስቀል ሞይቱላ፣ ንምጥራይ ኤክክለሲያኡ ኣብ መስቀል ርእሱ በጃኣ ሂቡ፣ ብሓጺሩ ን ኤክክለሲያኡ ብምፍቓር እዩ ንዓና ኣፍቂሩና። ኤክክለሲያኡ ብምሟት እዩ ንዓና ሞይቱልና። ነዚ ሓቂ እዚ ብኸምዚ ምፍላጥና ፍልዩነት ኣለዎ፣ ነዚ ሓስብ እዚ ከንገልጾ ኢና። እግዚኣብሄር ኣምላኽ፡ ንኣዳም፡ ከቢድ ድቃስ፡ ዘውደቐሉ፡ ካብ ኣዳም ሚሊዮናት ደቂ ምእንቲ ከውጽእ ኣይነበረን። ሓንቲ ፍልይቲ ሰብ፡ ንሳ ከኣ ሄዋን ንኸምጽእ እዩ፡ ከቢድ ድቓስ ኣውዲቅሉ። ልክዕ ብተመሳሳሊ ግና ከኣ ካብኡ ብዝለዓለን ብዝተፈልየን መገዲ፥ ጎይታና የሱስ ክርስቶስ ኣብ መስቀል ከቢድ ናይ ሞት ድቃስ ዝደቀሰ፡ ሓንቲ ፍልይቲ ኤክክለሲያ ምእንቲ ኬጥሪ እዩ (ግብሪ ሃዋርያት 20፡28፣ ኤፌሶን 5፡25_27) ። ምእንታኻ ክብል ዘይኮነስ ምእንቲ ኤክክለሲያኡ ክብል ክርስቶስ ከም ዘፍቀረካን ከም ዝሞተልካን ምፍላጥካ፡ ኣብ ህይወትካን ምምልላስካን ዘምጽኦ ሰማያዊ ሱር ነቀላዊ ለውጢ ኣሎ። ንሱ ጥራይ ዘኮነ፡ ምድሓንካ ንባዕሉ! ተመልከቱ፥ "7 እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት፣ ብልብኹም መገድኹም ሕሰቡ፣ ይብል ኣሎ። 8 ናብ ኣኽራን ደይቡ፣ ዕጨይቲ

ኣምጽኡ፣ ነታ ቤት ከኣ ስርሕዋ። ኣነ ድማ ብእአ ክሕጐስን ክኸብርን እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር" (ሃጌ 1፡7_8) ። ኣምላኽ ናብ ኣኽራን (ኣህዛብ) ባሮቱ ልኢኹ ብወንጌል ወዱ ዘድሕነካ፡ ቤቱ (ኤክክለሲያኡ) ምእንቲ ኪሃንጽ እዩ።

- 2ይ) ሓደ ኣማኒ፡ ክፋል እቲ ህንጻ ማሕደር ኣምላኽ ደኣ እምበር፡ እቲ ኣማኒ ብግሉን ብንጽልን እቲ ህንጻ ማሕደር ኣምላኽ ብምልኡ ኪኸውን ፈጺሙ ኣይክእልን እዩ። ደቂ እስራኤል ነናይ ግሎምን ነናይ ውልቆምን ማሕደር ኣይኮኑን ንኣምላኽ ሃኒጾምሉ። ከም ሓደ ሰብ ብምሕባር እዮም ሓንቲ ፍልይቲ ማሕደር ኣብ ማእከሎም ሃኒጾምሉ፣ ብፍሉይ ክብሪ ኣብ ማእከሎም ኪሓድር ድማ ገይረሞ። ሽዕኡ ጥራይ እዮም ድማ፡ ደቂ እስራኤል ናብ ዓብዩ ሰራዊት ተቐይሮም። ኣምላኽ ከም ሓያል ጀግና፡ ኣብ ማእከሎም ስለ ዝሰፈረ። ድሕሪኡ እዮም ድማ፡ ደቂ እስራኤል ብጸላእቶም ካብ ርሑቕ ኪፍርሁ ጀሚሮም።

- "እምብኣርሲ ንስኻትኩም ኣብቲ የሱስ ክርስቶስ ባዕሉ እምኒ መኣዝኑ ዝኾነ መሰረት ነብያትን ሃዋርያትን እተነደቕኩም፡ ደጊም ደቂ ዓዶም ንቕዱሳንን ስድራ ቤቱ ንኣምላኽን ኢኹም እምበር፡ ኣጋይሽን መጻእተኛታትን ኣይኮንኩምን። 21 ኣብኡ ብዘሎ እቲ ህንጻ ብጐይታ ቅድስቲ ቤተ መቕደስ ምእንቲ ኪኸውን፡ እናተኣሳሰረ ይዓቢ እዩ። 22 ንስኻትኩምውን ኣብኡ ማሕደር ኣምላኽ ብመንፈስ ክትኮኑ ሐቢርኩም ትህነጹ ኣሎኹም" (ኤፌሶን 2፡19-22) ። => ኣብዛ ክፍሊ፣ ኣዝዮም ዘገርሙ ሓያሎ ሓቅታት ኣለዉ። ካብኦም ሓደ፥ "ኣብኡ ብዘሎ እቲ ህንጻ ብጐይታ ቅድስቲ ቤተ መቕደስ ምእንቲ ኪኸውን፡ እናተኣሳሰረ ይዓቢ እዩ።" እቲ ናይ ሓድሽ ኪዳን ህንጻ፡ "ብጐይታ ቅድስቲ ቤተ መቕደስ ምእንቲ ኪኸውን" እናተኣሳሰረ እዩ ዚዓቢ ይብል ኣሎ። ከመይ ኢሉ እዩ ተኣሳሲሩ ዝዓቢ፧ እቶም ድሑናት ኢና ዝብሉ ኣመንቲ ኩሎም፡ በቲ መለኮታዊ መርሖ ርእሰ ክሕደት (the Divine Principle of self-denial) ዝሓለፉ እንተዳኣ ኮይኖም ጥራይ እዮም።

- እንተዳኣ ሓቂ ክንዛረብ ኮይንና ግና፡ እዚ "ሰብ መንፈስ እዩ" ዝብል ምህሮ፡ ነዚ ዓበይቲ ሓቅታት እዚ ፈጺምካ ዕዉር ኪትከውን እዩ ዝገብረካ! እስከ ሓቂ ተዛረቡ! እዚ "ሰብ መንፈስ እዩ" ዝብል ዶክትሪን፡ ርእሰ ክሕደት ይምህር ድዩ፧ ርእስኻ ኪትክሕድ ዝገብረካ ዶክትሪን ድዩኸ፧ ርእስኻ ከተዕቢ፡ ርእስኻ ከተግንን፡ ኣብ ህቡብነት ርእስኻ ኪትፍኖ ዝገብር ዶክትሪን፥ ብቀዳምነት፡ እዚ "ሰብ መንፈስ እዩ" ዝብል ዶክትሪን እዩ። እቶም መራሕቱ ተዓዘብዎም! ርእሶም ከዕብዩ፡ ርእሶም ከግንኑ፡ ሃብቲ ክድልቡ፡ ኣባይቶም ከግፍሑ፡ ኣገልግሎት ርእሶም (self-ministry) ከስፍሑ እዩ ጻሓይ ዝዓርበም። ብዛዕባ ምሕባርን ምህናጽን እታ ሓንቲ ከተማዊት ኤክክለሲያ ኣምላኽ እሞ፡ ኪንዲ ውጋእ መርፍእ እተኣክል ሓሳብ እኳ የብሎምን። ብኽቢድ መንፈሳዊ ዕሮት እተዋሕጡ እዮም። ንርኢ ኣለና እዮም ከኣ ዝብሉ! "ሰብ መንፈስ እዩ" ንዝብል ዶክትሪን ስለ ዝለፍለፉ፡ ናብ ዓብዩ መንፈሳዊ ዓቀን ከም ዝኣተዉ ርእሶም ዚቆጽሩ እዮም። "ንስኻ መንፈስ ኢኻ! ንስኻ መላኺ ኢኻ! ንስኻ ገዛኢ ኢኻ!" በቃ! ካልእ የለን! ከሳዕ ጊዜ ሞቶም ዋላ ሓንቲ ካልእ የለን!

- ጎይታና የሱስ ክርስቶስ ነታ ኤክክለሲያኡ ኣብ መስቀል ከጥርያ ከሎ፡ ህቡብነቱ ኩሉ (all His popularity)፡ ዓብዩነቱ ኩሉ (all His greatness) ኣወጊዱ፡ ርእሱ ብምድቓቕ እዩ ብናይ መስቀል ጻዕሩ ኣጥሪዩዋ። ብርግጽ ጎይታና ዓብዩን ዘይምርመርን ዋጋ ሞት ብምኽፋል፡ ነታ ኤክክለሲያኡ ኣጥሪዩዋ እዩ። ግናኽ ኣጥሪዩዋ ደኣ ከይዱ እምበር፡ ሃኒጹዋሲ ኣይከደን! እታ ኣብ ከከተማኡ ዘላ ኤክክለሲያ ኣምላኽ፡ ሕብርቲ ናይ ኣምላኽ መትሓዚ፡ ሕብርቲ ናይ ኣምላኽ ኣቕሓ፡ ሕብርቲ ናይ ኣምላኽ ማሕደር፡ ሕብርቲ ናይ ኣምላኽ መቕደስ፡

ሕብርቲ መግለጺ መልክዕ ኣምላኽ ናብ ምዃን እትህነጽ፡ በቶም ርእሶም ፍጹም ዝኸሓዱ፡ ንርእሶምን ንድሌታቶም ፍጹም ዘይነብሩ ሰዓብቲ ክርስቶስ ጥራይ እያ።

- እሞ ሃየ ሎሚ ኣየናይ ትምህርቲ እዩ፡ ናብ ፍጹም ርእሰ ክሕደት ዝመርሓካ ኣርጊጽካ ፍለጥን ተጠንቀቕካ ምረጽን! እዚ "ሰብ መንፈስ እዩ" ዝብል ምህሮ፡ ብጀካ ርእሰ ተኮር (self-focused)፡ ርእሰ ንቕሑ (self-conscious) ጥራይ ኪትከውን ኪገብረካ፥ ርእስኻ ኪሒድካ፡ ንኣምላኽን ነታ እንኮ ናይ ኤክክለሲያኡ ናይ ምህናጽ ናይ ሰማይ ራእይ ኣምላኽን ከንብረኒ እዩ ኢልካ ብፍጹም ኣይትሕለሞ! ኣብ ርሑቅ ምኻድ ኣየልየካን! ረኣዮም ኣብ ጥቓኻ ኣለዉ! ህይወቶም፡ ናብራኦም፡ ትምህርቶም፡ ልምምዶም ረኣዮ! ንርእሶም እዮም ዝነበሩ! "ሰብ መንፈስ እዩ" ዝብል ዶክትሪን ስለ ዝልፍልፉ፡ God conscious & self-deniers ዝኾኑ ብፍጹም ኣይምሰልካ! ከምኦም ዝበለ self-conscious ፈጺሙ የለን! እቲ ኣዝዩ ዘሕዝን ድማ፡ ተፈጺምና ኢና፡ ኩሉ በጺናዮ ኢና፡ ዝውሰኸና ዝምላኣና ነገር የለን ምባሎም እዩ። ምኽንያቱ እቲ ንሳቶም ሰብ ዝብሉዎ፡ እቲ ናይ ሰብ መንፈስ እዩ። ነዚ መንፈስ ከኣ፡ ፍጹም ድሒኑ እዩ፡ ፍጹም ተቀዲሱ እዩ፡ ፍጹም ተፈጺሙ እዩ፡ እዮም ዝብሉዎ። ስለዝስ፡ ኣበይ ንኣምላኽ ኪጸምኡዎ፣ ኣበይ ኢሎም ንኣምላኽ ኪደልዩዎ፣ ኣበይ ኢሎምከ ነታ ኤክክለሲያ ንምህናጽ ኢሎም ኪሓስቡዎ፡ ምኽንያቱ እታ ኤክክለሲያ ኣምላኽ በቶም ርእሶም ዝኸሓዱ ጥራይ እያ እትህነጽ ኢልና ኣለና። ናይዞም ምንቅስቓስ ቃል እምነት ገዛእ ርእሲ ግና፡ እቲ ሰብ ዝብሉዎ "መንፈስ እዩ" ንእኡ ድማ፡ ርእስኻ ከሓድ ዘይኮኑ ዝብሉዎስ፡ "ንስኻ ኢኻ እቲ ሰብ! ንስኻ ድማ፡ መንፈስ ኢኻ! ንስኻ ተፈጺምካ ኢኻ! ንስኻ መላኺ ኢኻ! ንስኻ ገዛኢ ኢኻ! ኣብ ልዕሊ ኩሉ ኪትገዝእ ኢኻ ተፈጥሪካ! ስለዚ ግዛእ! ምለኽ! ወዘተ!" ዝብል ስብከታት ጥራይ እዮም ዘስምዑዎ!

- ተመልከቱዎ! ኣመንቲ ብንጽልን በብውልቆምን እዮም ዝድሕኑ ጥራይ ኢሎም ስለ ዝሓስቡ፣ እዚ ሓቂ እዚ ግና፡ ናይ ሓንቲ ሳንቲም ሓደ ገጽ ጥራይ ደኣ እምበር እቲ ምሉእ ገጽ ኣይኮነን! እቲ ነቲ ምድሓንና ብእምነትን በብግልናን እንቕበለሉ ጊዜን ቦታን እዩ ደኣ ዝፈላለ እምበር፡ ምድሓንናስ ኣብ ሓደ እዋን እዩ፡ ኣስታት ቅድሚ 2000 ዓመት ኣብ መስቀል ተፈጺሙ። በብውልቅን ኣብ ዝተፈላለየ እዋንን ነቲ ምድሓን ኣምላኽ ብምንባት መምስተቐበልናዮ ግና፡ ኣምላኽ ብመንፈሱ፡ ናብታ ሓንቲ ስጋኡ፡ ንሳ ከኣ ኤክክለሲያኡ ወሲዱ እዩ ዘጥሕለና፡ ዘጥምቐና፡ ዘእትወና። ካብታ ጊዜ እቲ ጀሚርና፥ ኣምላኽ ብዛዕባ እንኮ ነገር ጥራይ እዩ ርእስና ፍጹም ኪንውፊ ዝደልየና፡ ንሳ ከኣ ንምህናጽ እዛ እንኮ ኤክክለሲያኡ ጥራይ ኪንነብር! እዚ ከኣ ናይ ዕድሜ ምሉእ መዓልታዊ ርእሰ ክሕደት ዚሓትት እዩ። ካልእ፡ እቲ ምህናጽ፡ ምግዛእ፡ ምምላኽ፡ ምንጋስ ወዘተ እውን እንተኾነ፡ በብውልቆም ኢሎም እዮም ዝሓስቡ። እንተዳኣ ብርግጽ ኣማኒ በብውልቁ ጥራይን (ብርእሰ ሓደራዊ መገዲ =independently) ዝህነጽ ኮይኑሲ፡ እሞ ንምንታይ ደኣ ናብቲ ኣኼባ ናይታ ከተማዊት ኤክክለሲያ ኣምላኽ ብዘይ ምቁራጽ (እብራውያን 10፡25) ኪመጽእ ብግዲ ዘድልዮ፧ ሓደ ኣማኒ፡ ብዘይ እታ ኤክክለሲያ ኣምላኽ፡ ከምቲ ኣምላኽ ዝደልዮን ዝሓንጸጾን ኪነብር፡ ናብቲ ኣምላኽ ዝመደቦ ደረጃ ኪዓቢ፡ ናብቲ ኣምላኽ ዝመደበሉ ምኽሪ ኪበጽሕን ፈጺሙ ኣይክእልን እዩ።

- ካልእ፡ ንሕና እኮ፡ ንስለ ምድሓን ጥራይ ኢልና ኣይኮንናን ድሒንናን ብህይወት ዘለናን!ካብ ሞት ንኽነምልጥን ዘመንና ምሉእ ነቲ ካብ ግዝኣት ጸልማት ዘድሓነና ኣምላኽ ንኽነገልግል ኢና ንወንጌል ወዱ ብምእዛዝ ድሒንና! ኣምላኽ ድማ፡ ከም ልክዕ እቲ ፍጹም ፍቓዱ ንዝኾነ ኣገልግሎት ጥራይ እዩ ዝቕበል። ንቃየልን ንቀየላዊ ኣገልግሎትን ፈጺሙ እዩ ዝጽየፎ! ኣምላኽ በቶም ርእሶም ፍጹም ዝኸሓዱን ነቲ ፍጹም ፍቓድ ኣምላኽ ዝፈልጡን ደቀ መዛሙርቲ ጥራይ እዩ ዝግልገል።

- እቲ ፍጹም ፍቓድ ኣምላኽ ድማ፡ ሕቡር መትሓዚ ኣምላኽ፡ ሕቡር ኣቕሓ ኣምላኽ፡ ሕቡር ማሕደር ኣምላኽ፡ ሕቡር መቕድስ ኣምላኽ እዩ። እታ ሓቢራ እተሃንጸት ኤክክለሲያ ጥራይ እያ ናብቲ ግዝኣት ኣምላኽ እትኣቱ! ነዛ ሓሳብ ከደግማ እየ፡ እታ ከም ፍጹም ፍቓድ ኣምላኽ ሓቢራ እተሃንጸት ከተማዊት ኤክክለሲያ ኣምላኽ ጥራይ እያ፡ ናብቲ ኣምላኽ ኣብ ዘመና ዝሓንጸጾ ግዝኣት ኣምላኽ እትኣቱ! "ኣነ ኸኣ እብለካ ኣሎ'ኹ፡ ንስኻ ጴጥሮስ ኢኻ። ንማሕበረይ (ኤክክለሲያይ) ከኣ ኣብዛ ኸውሒ እዚኣ ኽሃንጽ እየ፡ ደጌታት ሲኦል ድማ ኣይሕይልዋን" (ማቴዎስ 16፡18) ። ተመልከቱ! እታ ደጌታት ሲኦል ዘይሕይልዋ ኤክክለሲያ ኣምላኽ፡ እታ ከም ፍጹም ፍቓድ ኣምላኽ እተሃንጸት ኤክክለሲያ ጥራይ እያ! ደቂ እስራኤል ኣብቲ በረኻ፡ ከም ፍጹም ፍቓድ ኣምላኽ ዝኾነ ማሕደር፡ ንኣምላኽ ስለ ዝሃነጽሉ (ብድምር 9 ወርሒ ወሲዱሎም፣ ኣብ ዘጸኣት 19 ክሳዕ 40 ንመልከት!)፡ ኣምላኽ ኣብቲ ቅድሚኡ ኣብ ዝነበረ ታሪኽ ደቂ ሰባት ተራእዩን ተሰሚዑን ብዘይፈልጥ መገዲ፡ ካብ ሰማይ ወሪዱ ነቲ ማሕደር መሊእዎ። ደቂ እስራኤል ብሓባር ከም ህዝቢ (as a unique Nation, God's own Nation) ድማ፡ ኣብ ልዕሊ ኩሎም ካልኦት ህዝብታት ኪፍርሁ፡ ኪመልኩን ኪገዝኡን ጀሚሮም። ግናኸ፡ ደቂ እስራኤል በቢ ውልቆምን ብርእሰ ሓደራዊ መገዲን (=independently) ዘይኮነስ፡ ከም ሓደ ህዝቢ ቆይሞምን ተወዲቦምን ብሓባር እዮም ግዝ ኣት ኣምላኽ፡ ምልኪ ኣምላኽ፡ ተፈራህነት ኣምላኽ፡ ዕቤት ኣምላኽ ገሊጾም! እዚ እዩ እቲ ሎሚ ፈጺሙ ጠፊኡ ዘሎ ዚዓበየ ብርሃን ሓቂ ኣምላኽ! እዚ "ሰብ መንፈስ እዩ" ዝብል ጠዋይ ዶክትሪን እሞ ከኣ፡ ነዚ ምድረ ክርስትና፡ እዚ ኢልካ ዘይግመት ካልእ ዝገደደ ምህውታት እዩ ወሲኹሉ ዘሎ!

ብጣዕሚ እዩ ዘሕዝን! ኣተኩሮ ኣምላኽ ፈጺሙ ካልእ፣ ኣተኩሮ እዚ ዶክትሪን እዚ ከኣ ፈጺሙ ካልእ! እስከ በሉ፡ ከምቲ ዝብሉዎ፡ ብሓቂ መንፈሳት እንተ ዝኾኑሲ፡ ኣምላኽ ጥራይ ተኮር፡ ሰማያዊ ነገራት ጥራይ ተኮር፡ እታ ናይ ናምህናጽ ናይ ሰማይ ራእይ ኣምላኽ ጥራይ ተኮር፡ እቲ ሕቡር ማሕደር ኣምላኽ ጥራይ ተኮር፡ እቲ ሓቢሩ ኪህነጽ ዝግባእ መቕደስ ኣምላኽ ጥራይ ተኮር፡ እቲ ኣብቲ መቕደሱ ብሓይሊ ኪግለጽ ዝብህግ ኣምላኽ ጥራይ ተኮር ኪኾኑ ነይሩዎም! እዚኦም ግና፡ ከምኦም ዝበለ ርእሰ ተኮር የለን! ከምኦም ዝበለ ህቡብነት ተኮር የለን! ከምኦም ዝበለ ገንዘብ ተኮር የለን! ከምኦም ዝበለ ምድሪ ተኮር የለን! ከምኦም ዝበለ ፈተውቲ ርእሶም፡ ፈተውቲ ገንዘብ፡ ፈተውቲ ተድላ የለን! እዚኦም ኢልካስ መናፍስቲ (መንፈሳት)፤

ብምቕጻል፣ እቲ ዝለዓለን ፍሉይን ኣተኩሮ ናይ መጽሓፍ ራእይ ዮሃንስ፣ እተን ሸውዓተ ኤክክለሲያታት ኣምላኽ እየን። ሸውዓቲኤን ካብ ጽሩይ ወርቂ እየን። እቲ ንጹር ዕላማን ምኽርን ህላውነተን (the very purpose of their existence)፡ ከም ጽሩያት ማሕደር ኣምላኽ፡ መቕደስ ኣምልኽ፡ ወይ ድማ፡ ኣብ ውሽጢ እቲ ማሕደርን መቕድስን ከም ዝነበረ ካብ ጽሩይ ወርቂ እተሰርሐ ቀዋሚ ቀንዴል፡ ንኣምላኽ ንምግላጽ እዩ ዕላማኤን።

ዘጸኣት 25፡31 ቀዋሚ ቐንዴል ድማ ካብ ጽሩይ ወርቂ ግበር። እቲ ቐዋሚ ቀንዴል ምስ እግሩን ዘንጉን ብምቕጥቃጥ ይገበር። ጽውኣቱን ከበብቱን ዕምባባታቱን ምስኡ ብሓደ ይኹን።

ዘጸኣት 37፡17 ቀዋሚ ቐንደል ድማ ካብ ጽሩይ ወርቂ ገበረ። ንቐዋሚ ቐንዴል ምስ እግሩን ዘንጉን ብምቕጥቃጥ ገበሮ። ጽዋኣቱን ከበብቱን ዕምባባታቱን ምስኡ ብሓደ ነበረ።

ዘጸኣት 37፡23 ሾብዓተ ቖልዒ ቐንዴል ድማ ገበረሉ፡ መሳቐዱኡን መዋህለል ርስሓቱን ካብ ጽሩይ ወርቂ ገበረሉ።

1 ነገስት 7፡49 ነቲ ኣብ ቅድሚ ቤት ራእይ ዘሎ ኻብ ጽሩይ ወርቂ እተገብረ ቐዋሚ ቐነዲል፡ ሓሙሽተ ብየማን፡ ሓሙሽተ ብጸጋም፡ ነቲ ናይ ወርቂ ዕምባባታትን ቅልዒ ቐነዲልን መሳቐይታትን ከኣ፡

2 ዜና መዋዕል 4፡20

ከም ስርዓቱ፡ ኣብ ቅድሚ ቤት ራእይ ኪበርሃስ፡ ነተን ካብ ጽሩይ ወርቂ እተገብራ ቐወምቲ ቐነዲል መምስ ቀንዴለን።

2 ዜና መዋዕል 13፡11 ንግሆ ንግሆን ምሸተ ምሸትን ከኣ ንእግዚኣብሄር ዚሐርር መስዋእትን ጥዑም መኣዛንኡ ዕጣንን የሕርሩሉ ኣለዉ፡ ኣብቲ ጽሩይ ሰደቓውን እንጌራ ምርኣይ ይሰርዑሉ፡ ምሸት ምሸት ኬብርህውን ነቲ ናይ ወርቂ ቐዋሚ ቐንዴል ምስ ቀልዒታቱ የዳልዉ ኣለዉ። ንሕናስ ነቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ይተሓሎ ዝበሎ ነገረ ንሕሉ ኣሎና፡ ንስኻትኩም ግና ሐዲግኩምዎ ኢኹም።

ራእይ ዮሃንስ 1፡12 ነቲ ዚዛረበኒ ዘሎ ድምጺ ኽርኢ ኸኣ ግልጽ በልኩ። ግልጽ ምስ በልኩውን፡ ሾብዓተ ቐወምቲ ቐንዴል ወርቂ ርኤኹ

ኣብቲ ዝመጽእ ዘለኣለም፣ እዘን ኤክክለሲያታት እዚኣተን፡ ናብታ ነቲ ፍጹም ክብሪ ኣምላኽ እተገልጽን እተብርህን ሓዳስ ሰማያዊት ዮሩሳሌም ክልወጣ እየን። እታ ሰማያዊት ሓዳስ ዮሩሳሌም፣ እታ ዘለኣለማዊት ማሕደር (ድንኳን) ኣምላኽ እያ። ካብ ዘለኣለም ንዘለኣለም ኣምላኽን እቲ ገንሸልን ጥራይ ብቅዱስ መንፈሶም ኣብዛ ከተማ እዚኣ ርእሶምን ክብሮምን ክግለጹ እዮም። "ካብቲ ዝፋንውን ዓው ዝበለ ድምጺ፡ እንሆ ድንኳን ኣምላኽ ምስ ሰብ፡ ንሱውን ምሳታቶም ኪነብር እዩ፡ ንሳቶም ከኣ ህዝቡ ኪኾኑ እዮም፡ ኣምላኽውን ባዕሉ ምሳታቶምን ኣምላኾምን ኪኸውን እዩ" (ዮሃ 21፡3) ። ("And I heard a loud voice from heaven saying, "Behold, the tabernacle of God *is* with men, and He will dwell with them, and they shall be His people. God Himself will be with them *and be* their God".)

እምበኣር፡ ካብ መጽሓፍ ዘፍጥረት ክሳዕ ራእይ ዮሃንስ፣ እዚ እዩ እቲ ዝለዓለ፡ ዝዓብየን እተፈልየን ኣተኩሮ እቲ ምሉእ መጽሓፍ ቅዱስ። እዚ ሰብ መንፈስ እዩ ዝብል ምህሮ ግና፡ ነሸሓት ተኸተልቱ፡ ካብዚ ዝዓበየ ምኽሪ ኣምላኽ እዚ ፈጺሙ ኣዝቢልዎም፡ ኣዘምቢልዎም፡ ኣውጺእዎምን ነቲ ዝዓበየ ምልክት ከም ዝስሕቱን ገይሩዎም ኣሎ።

እዚ ምስሓት፡ ምዝምባል፡ ዝብል ሓሳብ፣ ነቲ መለኮታዊ ምልክት ምስሓት፡ ካብቲ ማእከላይ ሓቂ ኣምላኽ ምዝምባል ዝብል ትርጉምን ዓብዪ መጠንቀቕታትን ከም ዘለዎ፡ ኣብተን ሰለስተ ናይ ጳውሎስ መልእኽትታት ብንጹር ተቐሚጡልና ኣሎ። ጳውሎስ ኣብተን ናይ መወዳእታ ሰለስተ መልእኽትታቱ (1 ጢሞቴዎስ፣ 2 ጢሞቴዎስን ቲቶስን) ብንጹርን ብዓውታን ከም ዝደወሎ፣ ካብ ሓቂ (ካብቲ ምሉእ ሓቂ ኣምላኽ) ዝዘምበሉን ንብዙሓት ዘዘምብሉን መማህራን ሓሶት ነይሮም (1ጢሞ. 1፡3 ፣ 6፡3) ። ካልእ ምህሮ ኣብ ምምሃር፡ ካልእ ልምምዳት ኣብ ምትእትታው ፍጹም እተጸምዱ፡ ዘምባላትን ኣዘምበልቲ፡ ኣግለስቲ ("deviationists") ፣ ካብታ እምነት፡ ንሳ ከኣ እታ ምህሮ ሓቂ ዝዘምበሉ፡ ካብቲ

ብእምነት ዝኾነ ምምሕዳር ኣምላኽ (1ጢሞ. 1፡4) ዝዘምበሉ ዓየይቲ ነይሮም። እዚ ኣብዘን መልእኽትታት ጳውሎስ፡ "ዘምቢሎም" ዝብል ቃል፡ ብግሪኽ ኣስታኬዮ ("**ἀστοχέω"**) እዩ ዝብል። ትርጉሙ ድማ፡ ነቲ ምልክት ምስሓት ("To miss the mark") ፣ ካብቲ ሓቂ ምዝምባል ("to deviate from the truth") ማለት እዩ። እዚ ቃል እዚ፡ ኣብቲ ምሉእ ሓድሽ ኪዳን ሰለስተ ጊዜ ጥራይ እዩ ተጠቒሱ ዘሎ፣ ንሱ ከኣ ኣብዘን ናይ መወዳእታ ናይ ጳውሎስ መልእኽትታት እዩ ተጠቒሱ (1ይ ጢሞ. 1፡6 ፣ 4፡1 ፣ 2ጢሞ. 2፡18) ዘሎ። እዚ ከኣ ሓደ ዓብዪ ደወልን መለኽትን እዩ ዝድውለልና። እዚ ካብቲ ሓቂ ኣምላኽ ምዝምባል፣ ነቲ ኣብዚ ምሉእ ዩኒቨርስ እዚ ዝዓበየ ምልክት፡ ንሱ ከኣ፡ ነቲ ኣብ ምሉእ መጽሓፍ ቅዱስ ብንጹር ተገሊጹ ዘሎ ማእከላይ (central) ሓሳብ ኣምላኽ ምስሓት ከም ዝኾነን፣ እዚ ጉዳይ እዚ ድሮ ኣብ ዘመን ጳውሎስ ከም ዝፈለመን የርእየና። ንሱ ጥራይ ዘይኮነ ግና፡ እቲ ጳውሎስ ኣብ ዘመኑ ዝሃቦ ንጹር ግብረ መልሲ፡ ንሱ ናትና ክንገብሮ ከም ዝግባእን የጠንቅቐና! እቶም ኣዘምበልቲ ሎሚውን ብሚሊዮናት ፈሊሖም ስለ ዘለዉ።

"ገሊኦም *ካብዚ ዘምቢሎም*ናብ ዘረባ ሃተውተው ተመሊሶም፡" (1 ጢሞ. 1፡6)

"ኣታ ጢሞቴዎስ፡ ካብቲ፡ ገሊኦም ተኣሚኖምዎ ኻብ ***እምነት ዘምቢሎም*** ዘለዉ፡ ብሓሶትሲ ፍልጠት ተብሂሉ ዘሎ ርኹስ ሃተውተውን ክትዕን ርሓቕ።" (1 ጢሞ. 6:21) ።

"ንሳቶም፡ ትንሳኤ ቕድሚ ሕጂ ኾይኑ፡ እናበሉ ኻብ ***ሓቂ ዘምቢሎም፡*** እምነት ሓያሎ ሰባት ይገላብጡ ኣለዉ።" (2 ጢሞ. 2:18) ።

እዚኦም ኣብዚ ጳውሎስ ዝጠቕሶም ዘሎ ዓየይቲ፣ እቶም ነቲ ዓብዪ ምልክት፡ ንሱ ከኣ፡ ነቲ ማእከላይ (central) ሓሳብ ኣምላኽ ስሒቶም፣ ኣብ ካልእ ምህሮ ብምጽማድ፡ ካብቲ ሓቂ ኣምላኽ ዝዘምበሉ እዮም። ዝዘምበሉ ጥራይ ከኣ ኣይኮኑን! መበል ካልኣይ ተግባሮም፡ ንሓቂ ዝቋወሙ እዮም። "ከምቲ እያኔስን እያምብሬስን ንሙሴ እተቓወምዎ፡ እቶም ኣእምሮኦም ዝጠፍኤ፡ ብእምነት ዘይተፈተኑ ሰባት ድማ ከምኡ ነታ ሓቂ ይቃወምዋ ኣለዉ።" (2 ጢሞ. 3:8) ። ብባህሪኦም፡ ብልምምዶም፡ ብኹሉ ተግባሮም፡ ነታ ሓቂ ዝቋወሙ እዮም።

ኣብዚ ምድሪ ክርስትና ንሶም ጥራይ እዮም እቲ ከምዚ ባህሪ ዘለዎም ክንብል እኳ ገይጋ እንተኾነ፣ ግናኸ እዞም "ሰብ መንፈስ እዩ" ንዝብል ዶክትሪን እናለፍለፉ፡ ነዚ ናይ ምንቅስቓስ ቃል እምነት ዶክትሪን ዘስፋሕፍሑ ሰባት ሙብዛሕቶም፣ ፈተውቲ ርእሶም፡ ፈተውቲ ገንዘብ፡ ፈተውቲ ተድላ፡ ዕቡያት፡ ተፈኸነንቲ፡ ተጃሃርቲ (2 ጢሞ. 3፡1-8) እዮም። ነዚ "ሰብ መንፈስ እዩ" ዝብል ዝንቡዕ ዶክትሪን ብምቕባሎም ጥራይ፡ ንሳቶም ኣብ ፍሉይ መንፈሳዊ ምርዳእን ልምምድን ከም ዚተዉ ገይሮም ዝሓስቡ፣ ነቲ ካብ ካልኦት ሰባት ዝቀርበሎም ግቡእ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ስነ መንትታት ጽን ኢብሉ ዘይክሉ፡ ንኸይምለሱ፡ "ንሳሓ ኣየድልየካን! ምኽንያቱ ንስኻ መንፈስ ኢካ! ንስኻ ከም መንፈስ ሓጢኣት ኣይትገብርን ኢኻ! ኣይትጋገን ኢካ! ስለዚ ከኣ ምንሳሕ ንዓኻ ኣይምልከትን እዩ" ብዝብል ርጉም ዶክትሪን ርእሶም ዘጥፍኡ ሰባት እዮም። ካልእ፡ ልዕሊ ዝኾነ ነገር ኣብ ምድራዊ ነገር ዘተኰሩ፡ ነቲ "ኣምላኾ ምስ ይኣኽለኒ ምባል ዓብዪ ረብሓ እዩ።" ዝብል ፍሉይ ናይ ሓድሽ ኪዳን መርሖ ካብ ልምምዶም ዘወገዱ፣ ንኣምልኾ (ንመንፈሳዊነት) ከም መገባብሮ ረብሓ (ሃብቲ ዝረኽብሉ መገዲ) ገይሮም ዝወሰዱ፡ ካብ እምነት ዝዘምበሉ (1 ጢሞ 6፡2-10) እዮም። ብዛዕባ ምህናጽ እታ ኤክክለሲያ ህያው ኣምላኽ፡ ንሳ ከኣ መቕደስ ህያው ኣምላኽ፡ ደንታ ዝባሃል ፈጺሞም ዘይብሎም፣ እቲ ምምቕቓል ቅዱሳን ኣብ ምዕናው እታ ከተማዊት ኤክክለሲያ ኣምላኽ ሳዕቤኑ ፈጺሙ ዘይራኣዮም፣ ኣብ ረብሓ ርእሶም፡ ምህብታሞምን ህቡብነቶምን ጥራይ ዘተኰሩ እዮም።

እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ ግና፣ ካብዚኦምን ልምምዶምን ኣርሒቁ ንኪሃድም፡ ደድሕሪ ጽድቂ ንኽስዕብ፡ ጽቡቕ ናይታ እምነት ገድሲ ንኺጋደል፡ ነታ ህይወት ዘለኣለም ኣጽኒዑ ንኽሕዛን፡ ነቲ ትእዛዝ ብዘይ ርስሓትን መንቅብን ንኽሕልዎን እዩ ተጸዊዑ (1 ጢሞ 6፡11-16) ።

ብርግጺ እዚ "ሰብ መንፈስ እዩ" ዝብል ዶክትሪንን እቲ ኣብ ውሽጡ ተሰዊሩ ዘሎ ብዙሕ ዘይ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ምህሮታትን ልምምዳትን፡ ካብቲ ነታ ኤክክለሲያ ኣምላኽ፣ ካብቲ ማእከላይ ምኽሪ ኣምላኽ ዘዘምብልን ዘውጽእን ብዙሕ ዚዓይነቱ ካልእ ምህሮታት (Heterodidaskaleo) ሓደ ኮይኑ፡ ግናኸ በቲ ዝገብሮ ዘሎ ዕንወት፡ ብቀዳምነት ዝስራዕ እዩ። ውጽኢቱ፡ ተመልከቱዎ!

ከም መጠቓለሊ፡

ናይ ምሉእ መጽሓፍ ቅዱስ ማእከልን ፍሉይ ኣተኩሮን፥

- 1ይ) እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣብ ማእከል ህዝቡ ኪሓድር፣
- 2ይ) እንተዳኣ ኣምላኽ ኣብ ማእከል ህዝቡ ኪሓድር ኮይኑ ድማ፡ ከም ልክዕ ምግላጽ እቲ ፍጹም ፍቓዱ እተሃንጸት ማሕደር (መቕደስ) ኪረክብ ኣለዎ
- 2ይ ድማ) ንሱ ኣምላኾም ኪኸውን፡ (እዚ ማለት፥ ኣብ ማእከሎም ንሱን ንሱ በይን ማእከልነት/Centrality/ ኪህልዎ) ንሳቶም ድማ፡ ህዝቡ ንኪኾኑ እዩ፡ እዚ እቲ ናይ መወዳእታ ሸቶኡ እዩ።

እዚ ሓሳብ እዚ፣ ካብ ዘፍጥረት ጀሚሩ፡ ክሳዕ ራእይ ዮሃንስ፣ ኣብቲ ምሉእ መጽሓፍ ቅዱስ ብፍሉይ ኣተኮሮ ተቐሚጡ ኣሎ።

ዘፍጥረት 17፡8 እዛ ምድሪ ስደትካ፡ ኲላ ምድሪ ኸነኣን፡ ንኣኻን ብድሕሬኻ ድማ ንዘርእኻን ንርስቲ ዘለኣለም ክህብ እየ፡ ኣምላኾም ከኣ ክኸውን እየ።

ዘጸአት 6፡7 ህዝበይ ክትኰኑ ድማ እወስደኩም፡ ኣምላኽ ከኣ እኾነኩም። ካብ ትሕቲ እቲ ኸቢድ ዕዮ ግብጻውያን ዘውጽኣኩም ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ከም ዝኾንኩ ድማ ክትፈልጡ ኢኹም።

ዘጸአት 29፡45 ኣነ ኣብ ማእከል ደቂ እስራኤል ክነብር፡ ኣምላኾም ድማ ክኸውን እየ።

ዘጸአት 29፡46 ኣብ ማእከሎም ክነብር ኢለ ኻብ ምድሪ ግብጺ ኸም ዘውጻእክዎም፡ ኣነውን እግዚኣብሄር ኣምላኾም ከም ዝኾንኩ ኺፈልጡ እዮም። ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኾም እየ።

ዘሌዋውያን 11፡ 45 ኣምላኽኩም ክኸውን ኢለ ኻብ ምድሪ ግብጺ ዘደየብኩኹም፡ ኣነ እግዚኣብሄር እየ። ኣነ ቅዱስ እየ እሞ፡ ቅዱሳት ኩኑ።

ዘሌዋውያን 22፡33 ኣምላኽኩም ምእንቲ ክኸውን፡ ካብ ምድሪ ግብጺ ዘውጻእኩኹም፡ ኣነ እግዚኣብሄር እየ።

ዘሌዋውያን 26፡12 ኣብ ማእከልኩም ድማ እኸይድ፡ ኣምላኽኩምውን እኸውን፡ ንስኻትኩም ከኣ ህዝበይ ትኾኑኒ።

ዘሌዋውያን 26፡45 ኣምላኾም ምእንቲ ክኸውን ኢለ፡ ካብ ምድሪ ግብጺ ኣብ ቅድሚ ህዝብታት ኣውጺኤ ነቲ ምስቶም ቀዳሞት ዝኣቶኽዎ ኺዳን ክዝክር እየ፡ ኣነ እግዚኣብሄር እየ።

ዘህልቍ 15፡ 41 ኣምላኽኩም ምእንቲ ኽኸውን፡ ካብ ምድሪ ግብጺ ዘውጻእኩኹም ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም እየ። ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም እየ።

2 ሳሙኤል 7፡24 ንህዝብኻ እስራኤል ከኣ ንዘለኣለም ህዝብኻ ኪኸውን መደብካዮ። ንስኻ እግዚኣብሄር ድማ ኣምላኾም ኰንካ።

ኤርምያስ 7፡23 ዝኣዘዝክዎምሲ እዚ ደኣ እዩ፡ ድምጸይ ስምዑ፡ ኣነ ኸኣ ኣምላኽኩም ክኸውን እየ፡ ንስኻትኩም ድማ ህዝበይ ክትኮኑ ኢኹም። ጽቡቕ ምእንቲ ኽትረኽቡውን፡ በቲ ኣነ ዝእዝዘኩም ዘበለ ኹሉ መገድታት ተመላለሱ።

ኤርምያስ 11፡3-5 እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ኢልካ በሎም፡ ከምቲ ሎሚ ኾይንዎ ዘሎ፡ ነታ ጸባን መዓርን እተውሕዝ ሃገር ክህበኩም እየ፡ ኢለ ነቦታትኩም ዝመሓልክዎ ማሕላ ምእንቲ ኽጽንዕ፡ ነቲ በታ ነቦታትኩም ካብ ሃገር ግብጺ፡ ካብ እቶን ሓጎጾ ዘውጻእኩላ መዓልቲ፡ ድምጸይ ስምዑ፡ ዝኣዘዝኩኹም ኲሉ ኸኣ ግበሩ፡ ሽዑ ንስኻትኩም ህዝበይ ክትኮኑ፡ ኣነውን ኣምላኽኩም ክኸውን እየ፡ ኢሉ ዝኣዘዝክዎም ቃል ኪዳን ዘይሰምዕ ሰብ ርጉም ይኹን። ኣነ ድማ፡ ኣሜን ጐይታይ፡ ኢለ መለስኩ።

ኤርምያስ 24፡7 እግዚኣብሄር ምዃነይ ኪፈልጡንስ፡ ልቢ ኽህቦም እየ፡ ብምሉእ ልቦም ናባይ ኪምለሱ እዮም እሞ፡ ንሳቶም ህዝበይ ኪኾኑ እዮም፡ ኣነውን ኣምላኾም ክኸውን እየ።

ኤርምያስ 30፡22 ንስኻትኩም ህዝቢ ክትኮኑኒ ኢኹም፡ ኣነ ኸኣ ኣምላኽ ክኾነኩም እየ።

ኤርምያስ 31፡1 በቲ ጊዜ እቲ ኣነ ኣምላኽ ኲላቶም ዓሌት እስራኤል ክኸውን እየ፡ ንሳቶም ድማ ህዝበይ ኪኾኑ እዮም፡ ይብል እግዚኣብሄር።

ኤርምያስ 31፡33 ድሕሪ እዘን መዓልትታት እዚኣተን ምስ ቤት እስራኤል ዝኣትዎ ኺዳንሲ እዚ ደኣ እዩ፡ ሕገይ ኣብ ውሽጦም ከንብር ኣብ ልቦም ከኣ ክጽሕፎ፡ ኣነ ኣምላኾም ክኸውን እየ፡ ንሳቶም ድማ ህዝበይ ኪኾኑ እዮም፡ ይብል እግዚኣብሄር።

ኤርምያስ 32፡38 ንሳቶም ህዝበይ ኪኾኑ እዮም፡ ኣነውን ኣምላኾም ክኸውን እየ።

ህዝቅኤል 11፡19-20 ብትእዛዛተይ ምእንቲ ኺመላለሱ፣ ንፍርደይ ከኣ ኺሕልዉን ኪገብርዎን፣ ሓደ ልቢ፣ ኽህቦም፣ ሓድሽ መንፈስ ድማ ኣብ ውሽጦኹም ክሕድረልኩም እየ። ካብ ስጋኦም ናይ እምኒ ልቢ ኽውጽእ፣ ናይ ስጋ ልቢውን ክህቦም እየ። ንሳቶም ህዝበይ ኪኾኑ እዮም፣ ኣነውን ኣምላኾም ክኸውን እየ።

ህዝቅኤል 14፡9-11 ቤት እስራኤል ህዝበይ ኪኾኑ ኣነውን ኣምላኾም ክኸውን እምበር፣ ድሕርዚ ኻባይ ከይዝምብሉ፣ ሕጊ ብምፍራሶም ዘበለ ኹሉ'ኳ ከይረኽሱስ፣ እቲ ነብዩ እኳ ተጠቢሩ ቓል እንተ ተዛረበ፣ ነቲ ነብዩ እቲ ኣነ እግዚኣብሄር እየ ዝጠበርክዎ። ኢደይ ናብኡ ኽዝርግሕ እየ እሞ ካብ ማእከል ህዝበይ እስራኤል ከጥፍኦ እየ። በደሎም ድማ ኪጾሩ እዮም፣ በደል እቲ ነብዩ ማዕረ በደል እቲ ሓታቲኡ ኪኸውን እዩ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ።

ህዝቅኤል 34፡24 ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኾም ክኸውን እየ፣ ዳዊት ባርያይውን ኣብ ማእከሎም መስፍን ኪኸውን እዩ፣ ኣነ እግዚኣብሄር ተዛሪበ ኣሎኹ።

ህዝቅኤል 36፡28 ኣብታ ነቦታትኩም ዝሀብኩዋ ሃገር ክትነብሩ፣ ህዝቢ ኽኣ ክትኮኑኒ ኢኹም፣ ኣነውን ኣምላኽ ክኾነኩም እየ።

ህዝቅኤል 37፡23 ድሕርዚ ደጊም በቲ ጣኦታቶምን ነውሮምን ብዅሉ ኣበሳኦምን ኣይኪረኽሱን እዮም። ኣነ ኸኣ ካብ ኩሉ እቲ ሓጢኣት ዚገብሩሉን ዚነብርዎን ስፍራ ኽድሕኖምን ከንጽሆምን እየ። ንሳቶም ህዝበይ ኪኾኑ እዮም፣ ኣነውን ኣምላኾም ክኸውን እየ።

ህዝቅኤል 37፡27 ማሕደረይ ምሳታቶም ኪኸውን እዩ፣ ኣነ ኸኣ ኣምላኾም ኪኸውን እየ፣ ንሳቶምውን ህዝበይ ኪኾኑ እዮም።

ዘካርያስ 2፡11 በታ መዓልቲ እቲኣ ብዙሓት ህዝብታት ናብ እግዚኣብሄር ኪሓብሩ፣ ህዝበይ ከኣ ኪኾኑ እዮም። ኣነ ድማ ኣብ ማእከልኪ ኽነብር እየ፣ ንስኺውን እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ናባኺ ኽም ዝለኣኸኒ ኽትፈልጢ ኢኺ።
ዘካርያስ 8፡7 እንሆ፣ ካብ ሃገር ምብራቕን ካብ ሃገር ምዕራብን ንህዝበይ ከድሕኖም እየ። ከምጽኦም እየ እሞ፣ ኣብ ማእከል የሩሳሌም ኪነብሩ እዮም፣ ንሳቶም ህዝበይ ኪኾኑ እዮም፣ ኣነ ኸኣ ብሓቅን ብጽድቅን ኣምላኾም ክኸውን እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት።

ዘካርያስ 10፡6 ኣነ ኸኣ ንቤት ይሁዳ ኽበርትዓ፣ ንቤት ዮሴፍ ድማ ከድሕና እየ። ራሕሪሔሎም እየ እሞ፣ ክመልሶም እየ። ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኾም እየ፣ ክሰምዖም ከኣ እየ እሞ፣ ከም ዘይወገድክዎምውን ኪኾኑ እዮም።

2 ቆረንቶስ 6፡16-18 ንመቕደስ ኣምላኽከ ምስ ጣኦታት እንታይ ስምምዕ ኣለዎ፡ ኣምላኽ፤ ኣባታቶም ክነብር ኣባታቶምውን ክመላለስ እየ፡ ኣነ ኣምላኾም ክኸውን እየ፡ ንሳቶምውን ህዝበይ ኪኾኑ እዮም፡ ከም ዝበለ፡ ንሕና ቤተ መቕደስ ህያው ኣምላኽ ኢና። ስለዚ፡ ካብ ማእከሎም ውጹን ተፈለዩን ርኹስ ኣይትተንከዩን፡ ኣነውን ክቕበለኩም እየ፡

ይብል እግዚኣብሄር፡ 18 ኣቦ ድማ እኾነኩም፡ ንስኻትኩምውን ኣወዳትን ኣዋልድን ክትኰኑኒ ኢኹም፡ ይብል እቲ ኹሉ ዚከኣሎ ጐይታ።

እብራውያን 8፡10 ድሕሪ እተን መዓልትታት እቲኣተን ምስ ቤት እስራኤል ዝኣትዎ ኺዳን እዚ እዩ፡ ንሕጋጋተይ ኣብ ሓሳቦም ከእትዎ ኣብ ልቦምውን ክጽሕፎ እየ፡ ኣነ ኣምላኽ ክኾኖም እየ፡ ንሳቶምውን ህዝቢ ኪኾኑኒ እዮም፡ ይብል እግዚኣብሄር።

ራእይ ዮሃንስ 21፡3 ካብቲ ዝፋንውን ዓው ዝበለ ድምጺ፡ እንሆ ድንኳን ኣምላኽ ምስ ሰብ፡ ንሱውን ምሳታቶም ኪነብር እዩ፡ ንሳቶም ከኣ ህዝቡ ኪኾኑ እዮም፡ ኣምላኽውን ባዕሉ ምሳታቶምን ኣምላኾምን ኪኸውን እዩ።

ራእይ ዮሃንስ 21፡7 እቲ ዚስዕር ነዚ ኺወርሶ እዩ። ኣነ ኣምላኹ ክኾኖ፡ ንሱውን ውሉደይ ኪኾነኒ እዩ።

ሎሚ ግና ተመልከቱ! እዚ ኣብ ምሉእ መጽሓፍ ቅዱስ ብንጹር ቀሪቡ ዘሎ ፍሉይ ኣምላኽን ኣተኩሮ ኣምላኽን ፍጹም ተሓዲጉ፡ እቲ “መንፈስ እዩ” ዝብሉዎ ሰብ ግና፡ ናይ ምሉእ መጽሓፍ ቅዱስ ኣተኩሮ ተገይሩ ተወሲዱ፣ እዚ ምድረ ጴንጠቆስጠ፡ በዚ ትምህርቲ እዚ ተሓንፊሹ ኣሎ!

- “ሎሚ ማሕደር ኣምላኽ ኣበይ ኣሎ፧
- ሎሚ መቕደስ ኣምላኽ ከመይ ኣሎ፧
- ሎሚ ምህናጽ እታ ኣብ ከከተማኡ ዘላ ሓንቲ ኤክክለሲያ ህያው ኣምላኽ፡ ንሳ ከኣ መቕደስ ህያው ኣምላኽ ከመይ ኣሎ፧
- ንሎሚ ጽህና፡ ቅድስናን ሓድነትን እዛ ኤክክለሲያ እዚኣ ከመይ ኣሎ፧
- ሎሚ ነቲ ዝመጽእ መርዓዊ ዘለዋ ናይ ንጽህና፡ ቅድስናን ምንቃሕን ምድላዋት ከመይ ኣሎ፧
- ወዘተ” ዝብሉ ሕቶታት እንተ ዝሕተቱ፥ እቲ መልሲ እንታይ ምዃኑ ነፍሲ ወከፍና ኣጸቢቕና ንፈልጥ ኢና።

በሉ ሎሚ ናብ ቃል ኣምላኽ፡ ናብ ሓሳብ ኣምላኽ፡ ናብቲ ፍጹም ፍቓድ ኣምላኽ፡ ናብቲ ናይ ሰማይ ሃረርታ ኣምላኽ፡ ብሓቐናን ናይ 180 ዲግሪ ንሳሓን፡ ምምላስ ይሕሸና!!!

“ኣታ ህዝበይ፣ ኣነ ኽዛረብሲ ስማዕ፣ ኣታ እስራኤል፣ ኣነ ኽምስክር እየ፣ ኣነ ኣምላኽሲ፣ ኣምላኽካ እየ” (“Hear, O My people, and I will speak; O Israel, I will testify against you; I am God, your God.”) (መዝሙር 50፡7) ።

ጸሎት፡ ዎ ጎይታየ፥ ኣብዚ ዘመን መወዳእታ፥ ነቲ ዝዓመቈ ናይ ልብኻ ድሌትን ፍጹም ፍቓድን ዘፈጽሙ ተረፍ ርኸብ!
ምስካ ጥራይ ኪቕደስ
መንግስትኻ ብሓይሊ ክትምጽእ
እቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ፍጹም ፍቓድካ ኣብ ምድሪ ኪኸውን ዚጨክኑ ናይ ጺጋ ተረፍ ርኸብ!
ኣሜን!